ፈደራላዊ መንግስቲ

# ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ

## ምኽንሻብ ንምኽልካል
## ዝተላእከት ደብዳበ

ናብ ወጻኢ ሃገር ክትከይዱ ከለኹም ነዛ ናይ ሓለዋ ደብዳበ እዚኣ ወትሩ ምሳኹም ተሰኪምኩማ ክትከዱ ኣለኩም። እዚ ኸኣ ኣብ ጀርመን ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ንብዙሕ ዓመታት ከእስር ዝኽእል ገበን ምዃኑ ንስድራቤትካ ብንጹር ንኸተርእዮም የኽእለካ።

ፈደራላዊ መንግስቲ ፈደራላዊ ሪፓብሊክ ጀርመን

Federal Ministry
of Education, Family Affairs, Senior Citizens,
Women and Youth

Karin Prien
Federal Minister of Education, Family Affairs, Senior Citizens, Women and Youth

Federal Ministry
of the Interior

Alexander Dobrindt
Federal Minister of the Interior

Federal Foreign Office

Johann Wadephul
Federal Minister for Foreign Office

Federal Ministry
of Justice and
Consumer Protection

Dr. Stefanie Hubig
Federal Minister of Justice and protection

Federal Ministry
of Health

Nina Warken
Federal Minister of Health

**ምኽንሻብ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ገበንን** ከቢድ ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰላትን እዩ ነተን ዝተጐድኣ ኣዋልድን ኣንስትን ድማ ኣብ ምሉእ ህይወተን ከቢድ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ሳዕቤን ኣለዎ። ምኽንሻብ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ብሰንኪ ልዑል መጠን ደም ምፍሳስ ወይ ከቢድ ረኽሲ ብቐጥታ ሞት ከስዕብ ይኽእል እዩ።

> **ኣብ ጀርመን ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ገበን እንትኸውን ክሳብ 15 ዓመት ማእሰርቲ ድማ ከስዕብ ይኽእል።**

ምኽንሻብ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ማለት ብኸፊል ወይ ምሉእ ብምሉእ ነቲ ደጋዊ ኣካል ናይ ደቂ ኣንስትዮ ብልዕቲ ምውጋድ እዩ; ኣዝዩ ዝኸፍኣ ክኾን ከሎ ድማ፣ እቲ ናይ ብልዕቲ መኻፍቲዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ይስፊ።

## ነዛ ደብዳበ እዚኣ እንታይ እየ ዝገብረላ፧

ነዛ ናይ ሓለዋ ደብዳበ እዚኣ ምሳኹም ውሰድዋ ነቶም ኣብ ዓድኹም ዚነብሩ ስድራ ቤትኩም ድማ ኸተርእይዎም ትኽእሉ ኢኹም። እታ ደብዳበ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ኣብ ጀርመን – ዋላ እውን ኣብ ወጻኢ እንተተፈጸመ **ገበን** ከምዝኾነ ኣነጺራ ተብራህርህ። ንስኻ ናይ ጓልካ ብልዕቲ ምኽንሻብ እንተካይድካ ወይ ካልእ ሰብ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ብልዕቲ ምኽንሻብ እንዳካየደ እንተዘይከልኪልካዮ ወይ ኣብቲ ከይዲ እንተሓጊዝካ ክሳዕ **15 ዓመት ማእሰርቲ** ክጽበየካ ከምዝኽእል ተብራህርህ። ናብ ጀርመን ምእታው ክትክልከል ወይ ናይ መንበሪ ፍቓድካ ምስኣን እውን ከጋጥመካ ይኽእል እዩ።

# ገበን (ክፍሊ 226a ናይቲ ገበነኛ መቕጽዒ ኮድ)

ብመሰረት ሕጊ ጀርመን፣ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ገበን እዩ (ክፍሊ 226a ገበነኛ መቕጽዒ ኮድ)። ብልዕቲ ጓል ኣን ስተይቲ ዚኽንሽብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ገበን እዩ ዝፍጽም ዘሎ ክሳዕ 15 ዓመታት ዝበጽሕ ናይ ማእሰርቲ ቕጽዓት ድማ ይጽበ።

ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ምኽንሻብ ዋላ ኣብ ወጻኢ እንተተኻየደ ወይ እቲ ዝፍጽም ዘሎ ሰብ ጀርመናዊ እንተኾይኑ፣ ወይ እታ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ብልዕቲ ምኽንሻብ ዝግበረላ ዘሎ ጓል ወይ ሰበይቲ ጀርመናዊት እንተኾይና ወይ ኣብ ጀርመን ትነብር ወይ ድማ ናይ ባዕላ መንበሪ ኣብ ጀርመን እንተሊዋ ዘቕጽዕ እዩ።

ኣብ ጀርመን ወይ ኣብ ወጻኢ ሃገር ንዚነብር ካልእ ሰብ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ምኽንሻብ ዚሕግዝ ዝኾነ ይኹን ሰብ ገበን ይፍጽም ኣሎ።

ንኻልኦት ሰባት ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምኽሻብ ንኽፍጽሙ ዜእ ምኖም ዝኾነ ይኹን ሰብ እውን ገበን ይፍጽም ኣሎ።

እዚ ኸኣ ነቶም ንደቆም ካብ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ምኽንሻብ ኣብ ጀርመን ወይ ኣብ ወጻኢ ክከላኸሉ ዘይክኣሉ ወለዲ እውን የካትት።

እታ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ዘጋጠማ ጓል ኣንስተይቲ ወይ ሰበይቲ ተሓታቲት ኣይኰነትን ኣይትቕጽዕን እውን እያ።

ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ዝኽንሽቡ፣ ካልኦት ንክሕግዝዎም ዘእምኑ ወይ ደቆም ንከይኽንሸባ ዘይሓለዉ ሰባት ብተወሳኺናይ ጀርመን ነባራይነት ፍቓዶም ክስእኑ ይኽእሉ ናብ ጀርመን ንከይኣትዉ እውን ክኽልከሉ ይኽእሉ።

# ምኽንሻብ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ እንታይ እዩ፧

ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ምኽንሻብ ገለ ወይ ኩሉ እቲ ደጋዊን/ወይ ውሽጣዊ ላብያን ወይ እቲ ክሊቶሪስ ዘልግሰሉ (ብኣዝዩ ሕሉፍ መልክዑ ድማ) እቲ ብልዕቲ ተሰፍዩ ዝዕጸወሉ፣ ኣብ ሓደ ሓደ ኬዛት ድማ ናይ መርፍእ ርእሲ ትኣክል ክፍትት ዝግደፈሉ ከቢድ ናይ ሰብኣዊ መሰል ጥሕሰት እዩ ኣዋልድ ኣብ እዋን እቲ መጥባሕቲ ብዙሕ ደም ኪፈስሰን ወይ እቲ ቁስሊ ኺራኸስ ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ከቢድ ሳዕቤን ጥዕናን ሕሉፍ ሓሊፉ እውን ሞት ክስዕብ ይኽእል እዩ።

- ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕ ስቓይ፣ ኣእምሮኣዊ በሰላ
- ናይ ውልደት ጸገማት፣ ሕዱር ረኽሲ
- ጾታዊ ርክብ ክፍጽማ ከለዋ ናይ ስምዒት ምዝባዕን ስቓይን

ምኽንሻብ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ዘጋጠማ ሰበይቲ ካብ ናይ ነዊሕ እዋን ስቃይ፣ ኣእምሮኣዊ በሰላን ናይ ምውላድ ጸገማትን ጥራሕ ኣይኮናን ዝሳቀያ። ብዘይካዚ ሕዱር ሕማም ኩላሊት ወይ ፍሕኛ ከማዕብላ ይኽእላ እየን መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ብዘሳቒ ወርሓዊ ጽግያ ይሳቐያ።

እዚ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጉድኣት እዚ ድማ ነተን ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ንጾታዊ ርእሰ-ውሳነ ናይ ምግባር መሰለን እውን ኣጸቢቑ ይጥሕስ እዩ። ጾታዊ ርክብ መብዛሕትኡ ግዜ ኣዝዩ ዜሳቒ እዩ፤ እቲ ኣካል መትኒ ስለ ዚጠፍአ ጾታዊ ስምዒት ኣጸቢቑ ይንኪ ወይ ኣይርከብን እዩ።

ሓንሳእ ምስ ተፈጸመ፣ እዚ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ መብዛሕትኡ ግዜ ኣይምለስን።

# ካበይ እየ ሓገዝ ክረክብ፧
# FGM ኽም ዚፍጸም እንተ ጠርጢረ እንታይ እየ ዝገብር፧

ንስኺ ወይ እትፈልጥዮ ሰብ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንኽግበረላ ናብ ካልእ ሃገር ክትውሰዲ ትኽእልሉ ሓደጋ ኣሎ ኢልኪ እንተ ኣተሓሳሲቡኪ ወይ ኣብ ጀርመን ከምዚ ዝኣመሰለ ሓደጋ እንተ ኣጋጢሙኪ፣ ነዞም ዘስዕቡ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ

- ፖሊስ (ቁጽሪ ተሌፎን፧ 110) ወይ
- ቤት ጽሕፈት ድሕንነት መንእሰያት።

እቲ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዚወርድ ሃገራዊ ዓመጻ ናይ ሓገዝ መስመር ብተሌፎን ወይ ብኢንተርነት ብምዕላል እውን ደገፍ ይህብ እዩ።

HILFE TELEFON
GEWALT GEGEN FRAUEN
08000 116 016

- ቁጽሪ ተሌፎን፧ 08000 116 016
- www.hilfetelefon.de

እዚ ናይ ሓገዝ መስመር ምኽሪ ይህብ ብ 18 ቋንቋታት – 24/7፣ ብናጻን መንነት ከየቃለዐን።

ናብ ወጻኢ ሃገር እንተ ኼድካ እሞ ሓገዝ እንተ ደሊኻ ምስ ቶም ናይ ጀርመን ዲፕሎማቲክ ተልእኾ ክትራኽብ ትኽእል ኢኻ።

**ጀርመን፧**
www.auswaertiges-amt.de/de/ReiseUndSicherheit/deutsche-auslandsvertretungen

**ኢንግሊዝኛ፧**
www.auswaertiges-amt.de/en/aussenpolitik/laenderinformationen

ብልዕቲ ኳል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ንምኽልካል ዝተላእከት ደብዳበ
ፌደራላዊ ሪፓብሊክ ጀርመን 2025

## ኢምፕሪንት

እዛ ናይ ሓለዋ ደብዳበ እዚኣ ናይቲ ፈደራላዊ መንግስቲ ምስ ህዝባዊ ርክባት ዝግበር ስራሕ ኣካል እያ፤ ብናጻ እያ ትዳሎ ንኽትሽየጥ ድማ ኣይኰነትን ተዳልያ።

**ኣብ ክንዲ ፈደራላዊ መንግስቲ ዝተሓትመ፤**
Bundesministerium für Bildung,
Familie, Senioren, Frauen und Jugend
Referat Öffentlichkeitsarbeit
11018 Berlin
www.bmbfsfj.bund.de

**ገለ ሕቶታት እንተልዩካ፣ ናብ ናይ**
**ተሌፎን ኣገልግሎትና ደውል፤** +49 30 20 179 130
**ሶኒ–ሓሙስ፤** 9 am – 6 pm
**ፋክስ፤** +49 30 18 555-4400
**ኢመይል፤** info@bmbfsfjservice.bund.de

**ቁጽሪ ተሌፎን ህዝባዊ ኣገልግሎት ንኹለን መንግስታዊ ትካላት ከምኡ ውንቤት ጽሕፈታት፤** 115*

**ዝጀመረሉ፤ ታሕሳስ** 2025፣ **5ይ ሕታም** (tigrinya)
**ንድፊ፤** www.zweiband.de
**ፕሪንተር፤** MKL Druck GmbH & Co. KG

* ንኹለን መንግስታዊ ኣብያተ - ጽሕፈትን ኤጀንሲታትን ሓፈሻዊ ሕቶታት ንምሕታት፣ እቲ ሓፈሻዊ ህዝባዊ ኣገልግሎት ቁጽሪ 115 እውን ይሰርሕ እዩ። ኣብቲ ተሳትፎ ዝግበረሉ ከባቢ፣ ካብ ሶኒ ክሳዕ ዓርቢ ካብ 8 am ክሳዕ 6 pm 115 ክፉት እዩ። ካብ ናይ ጀርመን ናይ መስመር ስልኪን ብዙሓት ሞባይል ኔትዎርክታትን ናብ 115 ዝድውሉ ሰባት በቲ ናይቲ ኸባቢ መጠን ዋጋ እዮም ዝኸፍሉ በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ ንናይቲ መንበሪ ዋጋ ወነንቲ ብናጻ እዮም ዝድውሉ። ምስማዕ ዝተሰኣኖም ሰባት ነቲ ናይ SIP ኣድራሻ 115@gebaerdentelefon.d115.de ብምድዋል ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። 115 ኣብ ከባቢኻ ይሰርሕ እንተኾይኑ ንምፍላጥን ብዛዕባ ሓፈሻዊ ናይ ህዝባዊ ኣገልግሎት ቁጽሪ ብዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብን ናብ ዝስዕብብጻሕ http://www.d115.de.